# ብውሑድ ገንዘብ ምንባር

**ናብራ ስዊስ ብተዛማዲ ክቡር ኢዩ። በዚ ምኽንያት ካልኦት ሰባት ዝተጠቀምሉ ንብረት ምግዛእ ዘዋጽእ ኮይኑ ይርከብ። ሕጽረት ገንዘብ ዘለዎ ሰብ ካብ ፍሉያት ዱኳናት ብሕሱር ንብረት ምግዛእ ይከኣል።**

## ሓራጅ / ዘገልገለ / ሓዲሽ ዘይኮነ ንብረት

ኣብ ስዊስ ብዙሓት ናይ ሓራጅ መኽዘናት (Brockenhäuser) ኣለዉ። ኣብዚኦም ሓራጅ ንብረት ብሕሱር ዋጋ ምግዛእ ይከኣል። ኣብ ገለ ፍሉያት ቦታታት ውልቀ ሰባት ሓራጅ ንብረት ንመሸጣ የቕርቡ። ንኣብነት ናይ ገዛውቲ ዕዳጋ: ናይ ቆልዑ ንብረት መሸጣ: ናይ በረድ ስፖርቲ መሳርሒ መሸጣ ወዘተ... ብተወሳኺ ናይ ኢንተርነት ባብ ንምሻጥን ምግዛእን ናይ ሓራጅ ንብረት ኣዝዮም ህቡባት እዮም።

## ስፖርቲ / ባህሊ / ስልጠና

ብናይ ባህላዊ ሌጊ Kulturlegi-Ausweis / መንነት ወረቐት: ብውሑድ ገንዘብ: ናይ ስፖርቲ:- ናይ ባህሊናይ ስልጠናን ንብረት/ክዳውንቲ ምግዛእ ይከኣል። እዛ ካርድዚኣ ካብ ካሪታስ ሓቲትካ ክትወሃብ ይከእል። ካሪታስ ብዛዕባዚ ሓብሬታ ይህብን መን ነዚ ኩልቱርሌጊ ናይ ምውሃብ መሰል/ግቡእ ከምዘለዎ የረጋግጽ።

## ናይ ካሪታስ ዕዳጋ

ውሑድ ገንዘብ ዘለዎም ሰባት ንመዓልታዊ ሂወቶም ዘድልዮም ኣስቤዛን ናይ መግቢ ኣቑሑን ካብ ናይ ካሪታስ ድኳን (Caritas Markt) ብሕሱር ዋጋ ክገዝኡ ይኽእሉ። ነዚ ግን ሓደ ፍሉይ ካርድ ካብ ካሪታስ ዝወሃብ የድልዮ። ካሪታስ ብዛዕባዚ ካርድ ይሕብርን: መን እዚ ካርድ ክወሃብ ከምዝግባእ ይረጋግጽ። ኣብ ዞባታት ባደንን ኣብ ኦልተንን እዘን ናይ ካሪታስ ድኳናት ይርከባ። ናይ ሕራጅ ክዳውንት ድኳን ከእ ኣብ ኣራው ኣሎ። ኣብዚ ንምግዛእ ግን ፍሉይ ካርድ ኣየድልን ኢዩ።

## ናይ መንግስቲ ሓገዝ

ውሑድ ገንዘብ ዘለዎ ሰብ: ኣብ ብዙሕ ኣጋጣሚታት: ናይ መንግስቲ ሓገዝ ይወሃቦ። ነዚ ሓገዝ ዝምልከት ንኣብነት: ምሕሳር ዋጋ ናይ መሰረታዊ ናይ ጥዕና ውሕስነት/ድሕነት ክፍሊት: ንወለዲ ዝግበር ኅናኣዊ ሓገዝ: ወይ ወፈያታት ንትምህርቲ ክወሃቡ ይከኣል። ኣብ ዝተፈልጡ ናይ ዕድመ ገደብ ንሰባት ብመንገዲ ማሕበራዊ ድሕነት ወይ ካብ ማሕበራዊ ሓገዝ: ገንዘብ ክወሃብ ይከኣል።

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

ola-aargau.ch/ti/money-and-taxes/living-with-little-money